# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.289 ዓርቢ 2 ነሓሰ 2024 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2 ዛሕሊ ወይ ዝናብ ምስ ትንፋዕ ምትእስሳር ኣለዎዶ?


ገጽ 3 ዕላል ምስ ገዲም ተጋዳላይ ሳልሕ (ብርዚ)


ገጽ 4 ብዛዕባ ሕብርታት


ገጽ 5 "ውሕስነት መኣዛዊ መግቢ ንኹሉ ኣብ ኩሉ"


ገጽ 7 ዩናይትድ፡ ካብ ዝፈረሐቶ...


## ፈስቲቫል ኤርትራውያን ነበርቲ ሃገራት ስካንዲናቪያ ብልዑል ድምቀት ተኻይዱ

መበል 26 ዓመታዊ ፈስቲቫል ኤርትራውያን ነበርቲ ሃገራት ስካንዲናቪያ፡ "ውሕስነት ሰላም ብመኸተ" ብዝብል ቴማ ካብ 25 ክሳብ 28 ሓምለ - ስጥመት ኤርትራዊ ማሕበረ-ቶማትን ኤርትራዊ ክብረታትን ብዘንጸባርቕ መደባት፡ ብልዑል ድምቀት ተኻዩዱ።

እቲ ብድሞብ ዓወት ቢንያም ግርማይ ኣብ ቱር-ደ-ፍራንስን ዝኸሪ መበል 50 ዓመት ምጅማር ፈስቲቫል ቦሎኛን ማዕረጉ ዝኾነ - ብኣሸሓት ዝቆጸሩ ዜጋታትን መሓዙት ኤርትራን ካብ ሽወደን፡ ዴንማርክ፡ ኖርወይ፡ ፊንላንድ፡ ጀርመን፡ ዓዲ-እንግሊዝ፡ ስዊዘርላንድን ካልኦት ሃገራትን ዝተገደዎ ሃገራዊ ምትእኽኻብ ካብ ናይ ዝሓለፈ ዓመታት ዝዓዘዘ ተሳትፎ ከምእተራእዮሉ፡ ሽማግለ ሃገራዊ በዓላት ስካንዲናቭያ ሓቢሩ።

ኣብ'ቲ ንዓበይቲ፡ መንእሰያትን ህጻናትን ብዝተዳለወ መደባት፡ ከምኡ'ውን ኣብ ብዙሕነት ዝሎ ሓድነትን ጽባቐን ህዝቢ ኤርትራ ብዘንጸባርቕ ማሰናድኣታት ዝማዕረገ ፈስቲቫል፡ ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣቶ መሓመድ-ዓሊ መሓመድ-ሰዒድ፡ ኣብ ህልው ኩነታትን መንግስቲ ኤርትራ ሐዚዎም ኣብ ዘሎ ናይ ቀረባ ርሑቕን መደባትን ዘተኩረ ሰፊሕ ሰሚናር ሂቡ።

ህዝብን መንግስትን ኤርትራ፡ ብሓያል ናይ መኸተ ያታኦም ንኹሉ ተጻብኦታት ወጊኖም ሰላሞም ብምውሓስ፡ ብምልእ ኣደኒቦ ኣብ መደባት ህንጻት ዘተኩሩሉ እዋን ከምዝኣኸለ ዝሓበረ ኣቶ መሓመድ-ዓሊ፡ ዜጋታት ውዳቤታቶም ኣሐዩሎም ኣብርክቶኦም ከዕዝዙ ኣዘኻኺሩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ሓላፊ ቁጠባዊ ጉዳያት ኣቶ የማን ገብረኣብ፡ ንስሉጥነት ኣገልግሎት - ዜጋታት ኪኸተልዎም ኣብ ዘለዎም ኣገባብ መብርሂ ክህብ እንከሎ፡ ምሁራት ዜጋታት ሞያዊ ኣስተምህሮታት ወሂቦም።

እቲ ንኣርባዕተ መዓልታት ዝቐጸለ ፈስቲቫል፡ ካብ ኤርትራ ዝኸደት ጉጅለ ባህሊ 'ሪም'፡ ኣብ ኤውሮጳ ብዝቕመጡ ስነጥበበኛታት ዝቘመት ጉጅለ 'ኣለናልኪ'ን ካብ ከተማ ሳንዲቨኸን ዝመጽኣት ጉጅለ ባህሊ ጃጓርን ብዘቕረብኦ ማሰናድኣታት ደሚቑ ቀጺሉ።





### ኣስታት 31,000 ፓውንድ ተወፍዩ

ኤርትራውያን ነበርቲ ዓባይ-ብሪጣንያ፡ ማዕከን ሕድሪ ስውኣታት ንምስዕን፡ ብውልቂን ብሓባርን - ኣስታት 31,000 ፓውንድ ወፍዮም።

በዚ መሰረት፡ ነበርቲ ለንደን 17,537 ፓውንድ፡ ካርዲፍን ኒውፖርትን 3,230 ፓውንድ፡ ማንቸስተር 3,000 ፓውንድ፡ በርሚንግሃም 2,290 ፓውንድ፡ ሊቨርፑል 2,000 ፓውንድ፡ ሊድስ 1,355 ፓውንድ፡ ሸፊልድ 677 ፓውንድ፡ ነበርቲ ኮቨንትሪ ድማ 500 ፓውንድ ከምዘወፈዩ ካብ ቤት-ጽሕፈት ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ዝጸሓና ሓበሬታ ኣረዲኡ።

## ማእከል - ኣባላት ክፍለ-ሰራዊት 24 ናይ ምግራብ ስራሓት ኣካዩዶም

ኣባላት ክፍለሰራዊት 24፡ ካብ መጀመርታ ወርሒ ሓምለ ጀሚሮም፡ ኣብ ዞባ ማእከል - ናይ ምግራብን ምዕቃብ ማይን ሓመድን ወፈራዊ ስራሓት ኣካይዶም።

እቶም ብብርጌድ ደረጃ ዝተወደቡ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል፡ ኣብ ከበቢታት ማይ-ድምነት፡ ዓዲ-ንፋስ፡ ድርፎን በሉዛን ብዝሰላሰልዎ ወፈራታት ምግራብን ምፍዋስ ማይ-ኩዖታትን፡ 18 ሽሕ ሜትሮ ከቦ ቅናታዊ ዛላ ክሰርሑ እንከለው፡ 6 ሽሕ ጉዳጉዲ ብምኳዓት ድማ ፈልሲታት ተኸሊሞም።

እቲ ዕላማ ምርግጋጽ ድሕነትን ዕቃብን ኣከባቢ ምኳኑ ዝሓበረ ኣዛዚ ብርጌድ ሚጀር ደብሮም ገብረመድህን፡ እቲ ዝተተኽለ ፈልሲታት ገረብ - ኣብ'ቲ ዝድለ ደረጃ ክሳብ ዝበጽሕ ክከታተልዎ ምዃኖም ኣረጋጊጹ።

ኣወሃሃዲት ናይ'ቲ መደብ ድማ፡ ኣብ ሰሙን ሰለስተ ግዜ እናወፈሩ ዝሰርሕዎ ዘለዉ ስራሕ፡ ብዝሓየለ መልክዑ ክቕጽልዎ ምዃኖም ገሊጾም።

ኣብ ጨንፈር በዓል-ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ዞባ ማእከል ክኢላ ልምዓት ኣግራብ ኣቶ ሚካኤል ኣብርሃም፡ 95 ሚእታዊት ናይ'ቲ ክትግበር ዝተወጠነ መደብ ከምእተሳለጠ ገሊጾ።

እዚ ክምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ኣባላት ክፍለሰራዊት 63ን ቤት-ጽሕፈት ሕግን ስርዓትን ዓዲ-ኣብዮቶን እውን ተመሳሳሊ ንጥፈታት ከካይዱ ከምዝቐጸሉ ተፈሊጡ።


ስእሊ - ዮናታን የዕብዮ



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

# ዛሕሊ ወይ ዝናብ ምስ ጉንፋዕ ምትእስሳር ኣለዎዶ?

ጉንፋዕ ብቫይረስ እዩ ዝስዕብ፡ ብዛሕሊ ወይ ብዝናብ ኣይኮነን። ይኹን'ምበር፡ ንዊሕ ሰዓታት ንዛሕሊ ወይ ንዝናብ ምቅላዕ፡ ሕማም ናይ ምጽዋር ዓቕምና ስለ ዘዳኽሞ፡ ብጉንፋዕ/ሰዓል ይኹን ብኻልኦት ዓይነት ሕማማት ብቐሊሉ ክንጥቃዕ ንኽእል ኢና።

ኣብ 2022 ዝተኻየደ መጽናዕቲ ከም ዝሕብሮ፡ ንዛሕሊ ወይ ንዝናብ ምቅላዕ ንሙቐት ሰብነትና ካብ ንቡር ዓቐኑ ስለ ዘጉድሎ፡ ንስርዓተ ምክልኻል ሕማም ኣካላትና ብኣሉታ ይጸልዎ። በዚ ድማ ሰብነትና ንሕማም ብቐሊሉ ዝተቓልዐ ይኸውን።

**ብኸመይ ደኣ ጉንፋዕ ንሓምም?**

ጉንፋዕ ብቫይረስ ዝመሓላለፍ ሕማም ኮይኑ፡ ንላዕለዋይ ክፋል ስርዓተ-እስትንፋስ የጥቅዕ። በዚ ሕማም ዝተለኽፈ ሰብ - ክዛረብ፡ ክስዕል ወይ ክህንጥስ እንከሎ ምስ ዘውጽኦ እስትንፋስ ብዘዘርግሖ ቫይረሱ፡ ንኻልእ ሰብ ይልክፎ።

ኣብ ደቂ-ሰብ ብዝበዝሐ ካብ ዝርአ ዓይነት ሕማም - ጉንፋዕ/ሰዓል ምኻኑ ሕክምናዊ ጸብጻባት የመልክቱ። ጉንፋዕ ብፍላይ ኣብ ግዜ ሓጋይን ክረምትን ኣብ ዝርአ ምቅይያር ክሊማ ጊዜ ይርአ። ድኹም ሕማም ናይ ምጽዋር ዓቕሚ ዝለዎም ሰባት ዝያዳ የጥቅዕ። ህጻናትን ሽማግለታትን ብዝበዝሐ ጉንፋዕ ዘጥቅዖም ኣካል ሕብረተሰብ እዮም። ብዐምጋም ሓደ መንእሰይ ኣብ ዓመት ክልተ ሳዕ ጉንፋዕ ክሓምም እንከሎ፡ ህጻናት ኣብ ዓመት ካብ 6 ክሳብ ሸሞንተ ሳዕ በዚ ሕማም ከም ዝልከፉ መጽናዕትታት የረድኡ።

ዛጊት ንጉንፋዕ ተባዚሉ ብፍሉይ ዝዳሎ መድሃኒት የለን። ብግቡእ ኣእዳውና ብምሕጻብ፡ ኣዒንትና፡ ኣፍናን ኣፍንጫናን ብዘጸረናዮ ኣእዳው ዘይምትንካፍ፡ ቡቲ ሕማም ካብ ዝተለኽፉ ሰባት ምእላይ ነቲ ሕማም ንምክልኻል ክንጥቀመሉ ካብ ዝግባኣና መሳረታውያን ሜላታት ፍወሳ እዮም።

ብጉንፋዕ ዝተለኽፈ ሰብ፡ ካብ ክልተ መዓልታት ኣብ ዘይበዝሕ ግዜ ምልክታት ናይቲ ሕማም ከርኢ ይጀምር። ገለ ካብቶም ምልክታት ምስዓል፡ ምሕርሓርን ምቑሳልን ጎረሮ፡ ዘቋርጽ ጸረርታ ኣፍንጫ፡ ተደጋጋሚ ምህንጣስ፡ ሕማም ርእሲ፡ ረስኒ ወዘተ እዮም። እቲ ጉዳይ ግቡእ ክንክን ምስ ዝግበር፡ ኣብ ውሽጢ 7 ክሳብ 10 መዓልታት ክሓዊ ይኽእል። ገለ ካብቶም ምልክታት ግን፡ ክሳብ ሰለስተ ሰሙን ይቕጽሉ እዮም። ኣብ ገለኦም ክሳብ ኒሞንያ ክምዕብል ይኽእል እዩ። እዚ ግቡእ ክንክን ምስ ዘይረኽብ ክኸስት ዝኽእል ሕማም ኮይኑ፡ ብፍላይ ኣብ ህጻናት ጊዜ ይርአ።

ኣብ መብዛሕትኡ ኩነት፡ ጉንፋዕ ባዕልና ብባዕልና ክንፍወሶ ይከኣል እዩ። ኣብ ገለ ኩነታት ግን፡ ጉንፋዕን ንኡ ዘስዕቦ ሕልኽላኻትን ናብ ከቢድ ጥዕናዊ ጸገም ክብጽሑና ይኽእሉ። ብሰንኪ ጉንፋዕ ናብ ከቢድ ጥዕናዊ ጸገም ክበጽሑ ዝኽእሉ ሰባት፦

=> ትሕቲ 5 ዓመት ህጻናት፡

=> ልዕሊ 65 ዓመት ዝዕድሜኦም ሰባት፡

=> ነፍሰጾራትን ካብ ዝሓርሳ ሰሙናት ዘቑጸራ ደቂ-ኣንስትዮን፡

=> ድኹም ተፈጥሮኣዊ ስርዓተ-ምክልኻል ሕማም ዘለዎም ሰባት፡

=> ከም ኣዝማ፡ ድኻም ልቢ፡ ሕማም ሽኮር፡ ሕማም ኩሊት ወዘተ ዝኣመሰሉ ሕዱር ሕማም ዘለዎም ግዱያት፡

=> ከሰየት ሰባት ወዘተ እዮም።

**ምልክታት ጉንፋዕ**

ምልክታት ጉንፋዕ ክበዝሕ፡ ውሑዳት መዓልታት እዩ ዘድልዮ። እቲ ምልክታት'ውን ሳሕቲ ሃንደበት ይመጽእ እዩ። ነቲ ምልክታት ኣጸርካ ምፍላጥ ኩነታትካ ብቐሊሉ ክትፍወስ የኽእለካ።

ናይ ኣፍንጫ ምልክታት፦

= ምዕፉን፡ ጸቕጢ ኣብ ሰርናን፡ ጸረርታን፡ ጉድለት ናይ ምሽታት ዓቕሚ፡ ምህንጣስ ወዘተ እዮም።

**ምልክታት ኣብ ርእሲ፦**

= ተደጋጋሚ ምንባዕ፡ ተደጋጋሚ ሕማም ርእሲ፡ መቑሰልቲ ናይ ጎሮሮ፡ ተደጋጋሚ ሰዓል፡ ዓኽታ ወዘተ።

ምልክታት ኣብ መላእ ሰብነት፦

= ምስልካይን ሓፈሻዊ ድኻምን፡ ቁሪ ቁሪ ምባል፡ ቃንዛ ሰብነትን ቅርጥማትን፡ ረስኒ፡ ቃንዛ ኣፍልቢ፡ ኣዕቢሚቑካ ከተስተንፍስ ዘይምኽኣል ወዘተ።

**ፍወሳ ጉንፋዕ ንኣብነት፦**

ምልክታት ናይ ጉንፋዕ ምስ ዝሀልወካ፡ ብኸመይ ትፍወሶን ግቡእ ዕረፍቲ ትረኽብን ክትሓስብ ዘለካ እዩ። ፍወሳ ጉንፋዕ ኣብ ክልተ ደረጃታት መቐሊካ ክርአ ይከኣል።

**ሕክምና**

ጉንፋዕ ንምፍዋስ ብሓኪም ዝወሃብ ምኽርን ፍወሳን ክህሉ ይኽእል እዩ። እዚ፡ ኩነታት ናይቲ ሕማም ከቢድ ምስ ዝኸውን ጥራይ ክንወስዶ ዝግበኣና ኣማራጺ ምኻኑ እዩ ዝምከር።

**ዘቤታዊ ፍወሳ**

እቲ ኣገዳሲ ወጽኢታዊ ዝኾነ ዘቤታዊ ፍወሳ ጉንፋዕ፡ ጨው ዘለዎ ማይ ኣብ ጎረርካ ጎራዕራዕ ምባል፡ እኹል ዕረፍቲ ምርካብ፡ ካብ ደርቀት ንምክልኻል ብዙሕ ፈሳሲ ምውሳድ እዩ።

ልዑል ጸቕጢ ደም ምስ ዝህልወካ፡ ጉንፋዕ ንምክልኻል ዝሕግዝ ዝኾነ መድሃኒት ቅድሚ ምውሳድካ ንሓኪም ክተማኽር ይግባእ። 'ዲኮንጀስታንት' (decongestant) ዝተባህሉ ጉንፋዕ ንምፍዋስ ዘኽእሉ መድሃኒታት፡ ሻምብቆታት ደም ናይ ምጽባብ ባህሪ ኣለዎም። ስለዚ፡ ንጸቕጢ ደም መለሰም ከበኣሶዎ ስለ ዝኽእሉ ተወሳኺ ጥዕናዊ ጸገም ክፈጥሩ ተኽእሎታት ኣሎ።

**ዘቤታዊ ፍወሳ ጉንፋዕ ንህጻናት**

'Food and Drug Administration - FDA' ዝተባህለ ኣመሪካዊ ትካል ምቁጽጻር ምሕደራ መግብን መድሃኒትን፡ "ጉንፋዕ ዝሓመሙ ትሕቲ 4 ዓመት ዝዕድሜኦም ህጻናት፡ ብመድሃኒት ክፍወሱ የብሎምን" ክብል እዩ ዝመክር። ዳርጋ ኩሎም ሓካይም'ውን ነዚ ሓቂዚ ይሰማምዕሉ እዮም። ጉንፋዕ ናይቲ ህጻን ብኸመይ ክትፍውሶ ከም ዘለካ ንምፍላጥ ምስ ዝኸበደካ ግን፡ ናብ ሓኪም ኬድካ ግቡእ ምኽሪ ክትወስድ እዩ ዝምረጽ።

ንህጻናት ዘጥቅዐ ጉንፋዕ በዞም ዝስዕቡ ዘቤታ ኣገባባት ክትፍውሶም ይከኣል፦

ዕረፍቲ - ጉንፋዕ ዝሓዞም ህጻናት ካብ'ቶም ዘይሓዞም ናይ ምድካም፡ ሰብነቶም ድማ ናይ ምንዳድን ምልክታት የርኢ እዩ። ስለዚ ካብ ትምህርቲ ከም ዝዕረፉ ብምግባር፡ ኣብ ገዛ ደቂሶም እኹል ዕረፍቲ ክረኽቡ ክትጽዕር የድሊ።

ኣካሎም ምጥሓል - ጉንፋዕ ዘጥቅዖም ህጻናት ብዝበዝሐ ፈሳሲ ክወስዱ ኣለዎም። ጉንፋዕ፡ ሰብነቶም ቀልጢፉ ከም ዝደርቕ ስለ ዝገብር፡ ብዝበዝሐ ፈሳሲ ኣብ ምውሳድ ግቡእ ቆላሕታ ክንገብር ኣሎና። ኣብ ክንዲ ዝሑል ልብጦ ዝዘለ ማይ ብዝበዝሐ ከም ዝሰትዩ ምግባር ጸቡቕ እዩ። ውዑይ ፈሳሲ ከም ሻሂ ወይ ጸባ'ውን ሓደሊ ክህቦም ስለ ዝኽእል ጸቡቕ እዩ። ቃንዛ ጎሮሮ ኣብ ምህዳእ'ውን ይሕግዞም።

መግቢ - ጉንፋዕ ዝሓዞም ህጻናት ከም'ቶም ኣብ ጸቡቕ ጥዕና ዝርከቡ ናይ ምጥማይ ስምዒት ኣይሰምዖምን እዩ። ስለዚ፡ ብግቡእ እናተኸታተልና መኣዛ ዘለዎም መግብታትን ፈሳሲትን ደጋጊምና ክንህቦም ኣለና። መረቕን ስብቆን ዝበለጹ ኣማራጺታት እዮም።

ጨው ብዘለዎ ማይ ጎረርኦም ምሕጻብ - ዋላ ጸቡቕ ስምዒት ዘለዎ ኣይኹን'ምበር፡ ጨው ዘለዎ ልብጦ ዝዘለ ማይ ጎረርኦም ከም ዝሓጽቡ ምግባር ጸቡቕ እዩ።

ብውዑይ ማይ ምሕጻብ - ብውዑይ ማይ ሰብነቶም ምሕጻብ፡ ብሰንኪ ጉንፋዕ ንዘመጽእ ረስኒ፡ ቃንዛ ሰብነትን ቅርጥማትን ከህድእ ከም ዝኽእል ይግለጽ።

**ቫይረስ ናይ ጉንፋዕ ኣብ ውሽጢ ሰብና ንኽንደይ መዓልታት ይጸንሕ?**

ጉንፋዕ ብቫይረስ ዝስዕብ ረኽሲ ኮይኑ፡ ንላዕለዋይ ስርዓተ-እስትንፋስ የጥቅዕ። ኣስተብህሉ፡ ቫይረስ ብመድሃኒት ጸረ-ባክተርያ (antibiotics) ኣይፍወስን እዩ።

ጉንፋዕ ዘስዕብ ቫይረስ ኣብ ሰብነትና ክጸንሓሉ ዝኽእል እዋን፡ ብእንዝበር ኣገባብ ፍወሳን ክንክንን ክፈላለ ይኽእል እዩ።

ኣብ መብዛሕትኡ ኩነታት ጉንፋዕ ካብ 7 ክሳብ 10 መዓልታት እዩ ዝጸንሕ። ከም ኩነታት ጥዕናን ዓቕሚ ተጻዋርነት ናይ'ቲ ሰብ፡ እቲ ግዜ ካብዚ ዝተጠቕሰ ክውሕድ ወይ ክበዝሕ ይኽእል።

እቲ ጉንፋዕ ካብዚ ዝተጠቕሰ እዋን ንላዕሊ ንብዙሕ ዝለ መዓልታት ምስ ዝጸንሕ ግን፡ ናብ ሓኪም ምኻድ ከም ዘድልየካ ኣይትዘንግዕ። እቲ ምልክት ንዊሕ እዋን ምስ ዝጸንሕ፡ ምናልባት ናይ ኢንፍልወንዛ ወይ ጸገም ናይ ጎሮሮ ክኸውን ይኽእል እዩ።

**ቅድመ ምክልኻል ካብ ሕማም ጉንፋዕ**




ጉንፋዕ ቀሊል ሕማም ይኹን'ምበር፡ ምስ ዝሕዘካ ከቢድ ጸገም እዩ ዝፈጥር። ሓንሳብ ምስ ዝሕዘካ'ውን ብግቡእ ምስ ዘይትከታተሎን ምስ ዘይትፍወሶን ብቐሊሉ እዩ ዝሓቢ። ዘይ ከም ኢንፍልወንዛ፡ ጉንፋዕ ንምክልኻል ኣቐዲምካ ዝውሰድ ክታበት የለን። ጉንፋዕ ኣብ ዝረኣየሉ ወቕቲ ነዞም ዝስዕቡ ምኽርታት ብግቡእ ብምክትታል ግን፡ ክተከላኸሎን ካብ ምልባዕ ክትዓግቶን ይከኣል፦

ብግቡእ ኣእዳውካ ምሕጻብ - ኣእዳውካ ብማይን ሳሙናን ብግቡእ ምሕጻብ፡ ሕማም ዘስዕቡ ታህዋስያን ንኸይላብዑ ዝገብር ዝበለጸ ኣገባብ እዩ።

ብግቡእ መግቢ ምውሳድ - ምስ እንሓምም መግቢ ናይ ምውሳድ ድሌትና ዕጽው እዩ ዝኸውን። ይኹን'ምበር፡ ብፍላይ ኣብ እንሓመሉ እዋን፡ ኣካላትና ካብ መግቢ ዝያዳ ጸዓት (energy) ከም ዘድልዮ ኣይትዘንግዑ። እዞም ዝስዕቡ መግብታት ጉንፋዕ ኣብ ዘጥቅዓና ክንወስዶም ዝበለጹ እዮም።

ከም ሻሂ ዝኣመሰሉ ውዑያት ፈሳሲ፡ ንሕማም ጉንፋዕ ንምጥፋእ ዝበለጹ እዮም። መዓር ብሰዓል ንዝመጽእ ዓኽታ ናይ ምጽራይ ባህሪ ኣለዎ። ዝንጅብል፡ ናይ ምቅጻል ባህሪ ስለ ዘጥፍእ ጉንፋዕ ኣብ ዝሕዘና ክንወስዶ ዝበለጸ እዩ።

ከም ርጎእ ዝኣመሰሉ ጠቓምቲ ባክተርያ ዘለዎም መግብታት ምውሳድ፡ ካብ ሕማም ጉንፋዕ ንኽልኻል ዘኽእል ኣገባብ እዩ።

ብጉንፋዕ ካብ ዝተለኽፉ ሰባት ምርሓቕ - ጉንፋዕ ዝሓዞም ሰባት ንቤት-ትምህርቲ ካብ ምኻድ ክኽልከሉ ዝግበር ሓደ ምኽንያት እቲ ሕማም ንኸይላባዕ እዩ።

ክትስዕል እንከለኻ ኣፍካ ምሽፋን - ጉንፋዕ ኣጥቂዑካ ምስ ዝህሉ ናብ ሰባት ክትቀርብ ጸቡቕ ኣይኮነን። ምስ እትስዕል'ውን ኣፍካን ኣፍንጫኻን ብመንዲል ክትዓጽዎ ይምረጽ።

ብጉንፋዕ ዝያዳ ተጠቃዕቲ መን እዮም?

ዝኾነ ኩነታት ብጉንፋዕ ክትጥቃዕ ዘለካ ተኽእሎ የብእሱ እዩ። ገለ ካብኡ፦

ዝተወሰኑ ወቕትታት ናይ ዓመት - ጉንፋዕ ኣብ ዝኾነ እዋን ክርአ ይኽእል እዩ። መብዛሕትኡ እዋን ግን፡ ኣብ ግዜ ዛሕልን ምቅይያር ክሊማን ይርአ።

ዕድመ - ትሕቲ 6 ዓመት ህጻናት ብጉንፋዕ ዝያዳ ተጠቃዕቲ እዮም።

ኣከባቢ - ብዙሓት ሰባት ኣብ ዝእከብሉ ከባቢ ምስ እትህሉ፡ ብጉንፋዕ ብቐሊሉ ተጠቃዒ ኢኻ።

ድኹም ስርዓተ-ምክልኻል ሕማም ዘለዎም ሰባት - ብሕዱር ሕማም እትሳቐ ምስ እትኸውን ብጉንፋዕ ዝያዳ ተጠቃዒ ኢኻ።

ኣትክኽቲ - ኣትክኽቲ ሽጋራ ብሕማም ጉንፋዕ ክጥቀዑ ዘለዎም ተኽእሎ ዝለዓለ እዩ።

**ምንጪ፦ health line**




## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ኣስፍሃ ተኽለማርያም

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ተስፋልደት መብራህቱ

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም

ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ.200454-07121322

**ምልክታ**

ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ሕብራዊት ብርዒ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ብዛዕባ ሕብርታት

ሕብርታት ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ንዝተፈላለየ መዓላታት ንጥቀመሉም ኢና። ብዙወሳኺ'ውን ነፍስ ወከፍና ናይ ገዛእ ርእስና ምርጫ ሕብሪ ይህልወና'ዩ። ቀደሚ ዝኾነ ነገር ምንባብካ ኣብ ኣእምሮኻ ዝመጽኣካ ዝኾነ ዓይነት ሕብሪ ተገራህካ ምረጽ። ግን ተጠንቀቕ ንምርጫኻ ኣይትመራመረሉ። ምምራጽ ጥራይ'ዩ ዘድልየካ። እዚ ምርጫኻ ብዛዕባ ነብስኻ ብዙሕ ክዛረበካ'ዩ። ካብቲ ዝርአ ኣካላዊ ተግባራትካ ክሳብ'ቶም ዝረቐቑ ስምዒታዊ፡ ስነ-ኣእምሮኣውን መንፈሳውን ኩነታትካ ክጸረልካ'ዩ። ምናልባት ትጸልእ ሕብሪ እንተሎ'ውን ብኣንጻሩ ድኽመታትካን ተኳቃሪ ሸነኻትካን ከርእየካ'ዩ። በዚ መሰረት ትፈትዎ ሕብሪ ብምልላይ ባህርኻ ፍለጥ። ወሩይ ቀባኢ ሊዮናርዶ ዳ ቪንቺ ኣብ ቅብኣታቱ ብዘዘለ ዝጥቀመሎም ዝበረ ሕብርታት ቀጠልያ፡ ሰማያዊ ሓሙዳዊ ከም ዝበረ ይፍለጥ።

ኩሎም ሕብርታት ናይ ገዛእ ርእሶም መግለጺ ኣለዎም፡ ንገለ ካብኦም መሰረታውያንን ልሙዳትን ሕብርታት ምስ ንዕዘብ፥



• **ጸሊም፦** ጸሊም ሕብሪ ንሓይልን መዚዙትን ይውክል። ኣብ ገለ እዋናት ጸሊም ከም መግለጺ ምእዙዝነትን ትእዛዝን'ዩ። ብዙወሳኺ ጸሊም ሕብሪ ከም መግለጺ ሞትን ሰይጣናዊ መንፈስን'ውን ይግለጽ እዩ። በዚ ምኽንያት ድማ'ዩ መብዛሕትኡ እዋን ኣብ ግዜ ሓዘን ጸሊም ክዳን ምልባስ ዝዘውተር።

• **ጻዕዳ፦** መግለጺ ንጽህናን ሓቀኝነትን ከም ዝኾነ ዝግለጽ ጻዕዳ ሕብሪ መብዛሕትኡ እዋን ምስ ውሽጣውን ግዳማውን ጽሬት ከም ዝተሓላለዘ ይግለጽ። ብዶክተራትን መርዑን ዝውከል ጻዕዳ ሕብሪ ብዙወሳኺ መግለጺ ሰላም እዩ። ጻዕዳ ሕብሪ ዝፈትዉ ሰባት ትርኢትኩም፡ ንብረትኩም ኮነ ቤትኩም ብጽሬትን ንጽህናን እትሕዙ ዓይነት ሰባት ኢኹም።

• **ቀይሕ፦** ካብ ኩሎም ሕብርታት ልዑል ናይ ስሕበት ሓይሊ ዘለዎ ዓይነት ሕብሪ ኩይኑ ንስሕበት ዝገልጽ ሕብሪ'ዩ። ዝጠዘለ እዋን ከም መግለጺ ፍቕሪ ይግለጽ፡ ቀይሕ ሕብሪ ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናትን ኣጋጣሚታትን ኣብ ዝወዓቡ ፍቕራዊ ህያባት ዝዘውተር ሓያል ናይ ስሕበት ኣምር ዘለዎ'ዩ። ቀይሕ ሕብሪ ዝፈትዉ ሰባት ሕዉሳትን ትሰፋዎትን እዮም። ኣብ ገዛእ ርእሶም ድማ፡ ምሉእ ርእሰተኣማንነት ይውንኑ።

• ሰማያዊ፦ እዚ ብሕብሪ ሰማያትን ወቅያኖሳትን ዝግለጽ ሕብሪ እዩ። ንሰላምን ጸጥታን ዝውክል ሕብሪ እዩ። መብዛሕትኡ እዋናት መንበሪ ገዛውቲ በዚ ሕብሪ'ዚ ክልከዩ ምርኣይ ዝ መግለጺ ዘራጉድ ኣቡት'ዩ ከም መግለጺ ሰላምን ጸጥታን ከኣ ይግለጽ። ሰማያዊ ሕብሪ ዝበህጉ ሰባት እሙናትን ክትእመኑ እትደልዩን ምኳንኩም'ዩ ቀንዲ መለለዪኹም።

• ንብሪ ከም ዝውክል ዝግለጽ ቀጠልያ ሕብሪ፡ ንባህርያውያን ነገራት ዝውክሉ ነገራት መብዛሕትኡ እዋን በዚ ሕብሪ ይግለጹ። ቀጠልያ ሕብሪ ዝፈትዉ ሰባት ሕያዎትን ለጋሳትን ምኻንም ይፍለጡ።

• **ብጫ፦** ንዘበለጭልጩ ነገራትን ንፈንጠዝያን ዝውክል ሕብሪ'ዩ። ብዙወሳኺ ብጫ ሕብሪ ብፍላይ ድሙቕ ምስ ዝኸውን ካብኦም ኣዝዩም ረቢሽቲ ዓይነት ሕብርታት ተባሂሉ ይግለጽ'ዩ።

• ጸገረዳዊ፦ መግለጺ ንምሕሳት ዝኾነ ሕብሪ ጸገረዳ ንምልክት ሃብትን ገዝዘበን ይውክል። ምልክት ዝና ዝኾነ ሕብሪ ጃኽ ብዙወሳኺ ፍቕራዊ ሕብሪ'ውን ተባሂሉ ይግለጽ።

• **ወርቃዊ፦** ወርቃዊ ሕብሪ እትፈትዉ ኣብ ምቕትን ተደላን እትግደሱ ዓይነት ሰባት ኮይንኩም ሃብቲ ኣብ ምድላብ ርሒብ ዕድል ኣለኩም።

• **ሓሙኽሽታይ፦** እዚ ዓይነት ሕብሪ እትፈትዉ ሰባት ዝሑላትን ህዱኣትን ኢኹም። ኣቓልቦ ናይ ካልኦት ሰባት ክትስሕቡ ስለ ዘይትደልዩ ኣብ ህይወትኩም በቲ ዘለኩም ዓጊብኩም ኢኹም ክትነብሩ እትደልዩ።

• **ብራውን፦** እዚ ሕብሪ ዝፈትዉ ዓይነት ሰባት ኣብ ምጽሓፍ ዝያዳ ተገዳስነት ኣለዎም።

## ካብ ዓሚቝ ዒላ ብሞቶረ ማይ ምጭንጓዕ

ብዓለም ደረጃ እታ ኣብ ሕርሻ ዝለዓለ ፍርያት እተፍሪ ሃገር ቻይና እያ። ኣብ ምልማዕ ፍረታት፡ ኣሕምልቲ፡ ከምኡ'ውን ፍሉያት እትክልቲ ከም ቀጠፍ፡ ጠጥን ካልኦትን ክጥቀሱ ይኽእሉ። ቻይና 7% ምቹእ ናይ ሕርሻ ቦታ ዘለዋ ኩይና፡ ን22% ካብ ህዝቢ ዓለም ትምግብ።

ማይ ክትደፍእ (push) ቀሊል'ኳ እንተኾነ ክትስሕቦ (ክትማጦ) ግን ከቢድ እዩ። ንኣብነት፡ ብብርዒ (መምጠጢ) ተጠቂምና ካብ ብኬሪ ማይ ክንስሕብ እንከለና፡ ብልክዕ ነቲ ማይ ዘይኮነ ንስሕቦ ዘሎና ነቲ ኣብ'ቲ ቱቦ ዘሎ ኣየር ኢና ነውጽኦ ዘሎና። ከም'ዚ ብምግባርና ነቲ ተመጣሪርዩ ዝጸንሐ ናይ ደገን ናይ ውሽጢ ብርዒን ዘሎ ማይ ማጠፍዊ ዝኾነ ንላዕሊ ዝደፍእ ሓይሊ ይረክብ'ሞ፡ ብጸቕጢ ኣየር



ተደፊኡ ናብ ኣፍና ይበጽሕ። በዚ መሰረት፡ እቲ መምጠጢ ብርዒ (strow) ቁመቱ እንተ ነዊሑ፡ ኣብ ምስሓብ ዝያዳ ክንጽዕር ንግደድ፡ እቲ ብዘዋግዲ ትሕቲ ኣሉ ዘሎ ማይ ድማ፡ ዝያዳ ክብደት ዘለዎ ኩይኑ ይስመዓና። ብኻልእ ኣዘራርባ ነዊሕ መምጠጢ ብርዒ ወይ ቱቦ ተጠቂምና ክንስሕብ እንከለና፡ ዝያዳ ጸዓት ነድልየ። ብዘመሳሰሊ ኣገባብ፡ ካብ ዓሚቝ ዒላ ብሞተረ ማይ ክንጭንግዕ እንከለና (ኣብ ላዕሊ ኳንና ማለት'ዩ) ዝያዳ ሓይሊ ስለ ዝሓተና፡ እታ ሞተረ ኣትሒት ኣብልና ምስ እነጸውዳ ዝሓሸ ወጽኢት ክንረክብ ንኽእል። እዚ ማለት ከኣ፡ እታ ሞተረ ኣብ ክንዲ ኣብ ላዕሊ ነቒምጣ፡ ናብ'ቲ ኣብ ዓሚቝ ዘሎ ማይ ኣብ ቀረባ ርሕቀት ብምቕማጥ ሓጺር መምጠጢ ቱቦ ክንጥቀም ንኽእል። ብኸም'ዚ ኣገባብ ዋላ'ቲ ልዕሊ ሞቶረ ዘሎ መጨንገዒ ቱቦ ነዊሕ እንተኾነ፡ ነቲ ክትስሕቦ ዘለዋ ጸቕጢ ኣየር ነፍኽሰሉ ስለ ዘሎና፡ እታ ሞተረ ብቐሊሉ ማይ ክትስሕበልና ትኽእል ማለት'ዩ።


## ዋሕዲ ደም



ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም ንብር ንጥፈታት ህይወት ከሳልሉ ዝተፈላለዩ ዓቕን ዘለዎም ማዕድናት የድልዮም። ዓቕን ናይ'ዞም ማዕድናትን ቫይታሚናትን ምስ ዝኸድ ዓቕን ናይ'ቲ ኣብ ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም ዝርከብ 'ሄሞግሎቢን' ዝተብሃለ ጭኡታ ይንክ። እዚ ብሰሪ ዋሕዲ ማዕድናትን ቫይታሚናትን ዝኸሰት ዘይንቡር ተርእዮ ምኽንያቱ ዓቕን ሄሞግሎቢን ኣብ ደምና እዩ ከኣ ዋሕዲ ደም ተባሂሉ ዝጽዋዕ። ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም ዝተጻረዩ ኦክሲጅን ናብ መላእ ኣካላትና ናይ ምዝርጋሕ ሓላፍነት ዝተሰከሙ እዮም። እዞም ዋህዮታት'ዚ ዝተሰከምዎ ሓላፍነት ብግቡእ ክትግበሩ እንተ ኾይኖም፡ ግቡእ ዓቕን ሄሞግሎቢን ክህልዎም የድሊ። እቲ ብሰንኪ ጉድለት ማዕድናትን ቫይታሚናትን ዝሰዓበ ምንካይ ዓቕን ሄሞግሎቢን፡ ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም ዝተጻረየ ኦክሲጅን ናብ መላእ ኣካላት ብግቡእ ከየብጽሕዎ ይዕንቅፍ። ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም ግቡእ ዓቕን ሄሞግሎቢን ንኽህልዎም ካብ ዘድልዩ ቫይታሚናትን ማዕድናትን ሓጺን፡ ቫይታሚን ኤ፡ ቫይታሚን ቢ-12ን ፎሊክ ኣሲድን ክጥቀሱ ይኽእሉ። ጉድለት ናይ'ዞም ቫይታሚናትን ማዕድናትን፡ ካልኦት ጠንቅታት ከም መድመይቲን ዝተፈላለዩ ሕማማትን (ከም ዓሶ) ከኣ ምንካይ ዓቕን ሄሞግሎቢን ኣብ ደም የስዕቡ። ጸርውርው ምባልን ሓሓሊፉ ዝኸሰት ቃንዛ ርእስን፡ ምጉዳል ተገዳስነት ኣብ ዝተፈላለዩ ነገራት፡ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ድኻም፡ ሕጽረት እስትንፋስ፡ ምውሳኽ ህርመት ልቢ፡ ድኻም ልቢ ወዘተ ከም ኣቡት ምልክታት ዋሕዲ ደም ክጥቀሱ ይኽእሉ። ዋሕዲ ደም፡ ዝተፈላለዩ መእዝታት ዘለዎም ዓይነታት መዝቢ ብምምጋብ ክትካእ ይኽእል።

## ጁፒተር

ኣብ ዙርያ ጸሓይ ካብ ዝዘራ ፕላኔታት እታ ብዕበያ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ እትስራዕ ፕላኔት፡ ጁፒተር እያ። ድሕሪ ጸሓይ፡ ወርሒን ፕላኔት ቬኑስን ድማ ብብርሃና ኣብ ራብዓይ ደረጃ ትቕመጥ። ፕላኔት ጁፒተር ብዘለዋ ግዝፊ ካብታ ዝደመቐት ኮኾብ 'ሰርዩስ' ብሰለስተ ዕጽፊ እያ ደሚቓ ትረኣ። ኣብ ሰማይ ብዘለዋ ጉሉሕ ቦታን ዕዙዝ ኣገዳስነትን ብምብጋስ ድማ እዮም ጥንታውያን ሮማውያን ነዛ ዓባይ ፕላኔት ጁፒተር ዝበል ስም ናይ ዘምልኽዎ ጣኦት ሂቦማ። ጁፒተር ካብ ጸሓይ ኣስታት 778 ሚልዮን ኪሎ ሜተር ርሒቓ ትርከብ። እዚ ርሕቀት እዚ ምስቲ ኣብ መንጎ ጸሓይን መሬትን ዘሎ ርሕቀት ክነጻጸር እንከሎ፡ ብሓሙሽተ ዕጽፊ ይዛይድ። ልክዕ ከምቶም ካልኦት ፕላኔታት ኣብ ዙርያ ጸሓይ ዑደት እተካይድ ጁፒተር፡ ኣብ ዙርያ ጸሓይ ሓደ ዑደት ንኽትፍጽም 11.9 ናይ መሬት ዓመታት ይወስደላ። እዚ ማለት ድማ፡ ፕላኔት ጁፒተር ኣብ ዙርያ ጸሓይ ሓንሳብ ዑደታ ክይፈጸመት መሬት ኣብ ዙርያ ጸሓይ ኣስታት 12 ግዜ ዑደት ትፍጽም



ማለት እዩ። ይኹን እምበር ኣብ ዙርያኣ ንእትገብሮ ዙረት ንምፍጻም ትሕቲ 10 ሰዓታት ይወስደላ። ጁፒተር ጋዛዊ ዝኾነት ትሕዝቶ ዘለዋ ፕላኔት እያ። እዚ ድማ ምስተን ንቑጽ ትሕዝቶ ዝርከበን ከም መሬት፡ ማርኩሪ፡ ቬኑስን ማርስን ዝኣመሰላ ፕላኔታት ብምንጽጻር፡ ህይወታውያን ክነብሩላ ዘይክእሉ ፕላኔት ይገብራ። ኣብ ጁፒተር ዝርከብ ሓይሊ ስሕበት (gravitational force) 2.5 ዕጽፊ ናይቲ ኣብ መሬት ዝርከብ ሓይሊ እዩ። ቀንዲ ምኽንያት ናይዚ ልዑል ናይ ስሕበት ሓይሊ ትሕዝቶ ፕላኔት ጁፒተር ጋዛት ብምዃኑ እዩ። ኣብዛ ፕላኔት ዝርከቡ ጋዛትን ዝፍጠሩ ደበናታትን ዝጉዓዙሉ ፍጥነትን ኣዝዩ ልዑል ምዃኑ ዝፍለጥ እኳ እንተኾነ፡ ምኽንያት ናይዚ ተርእዮ እዚ ብልክዕ ዝፍለጥ ኣይኮነን። ይኹን እምበር ከም ግምት ሊቃውንቲ ዓውዲ ኣስትሮኖሚ ግን እቲ ምኽንያት ልዑል ፍጥነት ኣብዛ ፕላኔት ዘሎ'ን ልዑል መጠን ፍጥነት ናይቲ ኣብ ዙርያኣ እትገብሮ ዙረት ክኸውን ከም ዝኽእል እዩ ዝግለጽ። ኣብዛ ክንዲ 318 ዕጽፊ ክብደት ናይ መሬት ዝኣክል ግዝፊ ዘለዋ ፕላኔት፡ ብዝበዝሐ ዝርከቡ ጋዛት ሃይድሮጅንን ሄልየምን እዮም።

## ጥቕስታት ሕብራዊት ብርዒ

• "ገለ ካብቲ ዝበለጸ ሓሳባትካ፡ ኣብ ዕረፍቲ ኣብ ዘለኻሉ እዋን እዩ ዝመጸካ።" - **ጋውታም ሲንጊያ**

• "እቲ ዝበለጸ ክፋል ናይቲ ጉዕዞ ኣብ መንገዲ ዝረአ ምግራምን ምግራምን እዩ።" - **ከን ፖይረት**

• "እቲ ዝዓበየ መሰረታዊ ምስጢር ዕብየት ኣብ ምርጫ ደቂሱብ እዩ ዝምርኮሶ።" - **ጆርጅ ኢልዮት**

• "ንቑሕ ሰብ ኣብ ሓቂ'ምግባር፡ ሰባት ኣብ ዝሓስብዎ ብዙሕ ኣይግደሰን።" - **ኣሪስቶትል**

• "ብዛዕባ ነብስኻ ሓቂ ዘይትዛረብ እንተ ደኣ ኾንካ፡ ብዛዕባ ካልኦት'ውን ሓቂ ኣይክትዛረብን ኢኻ።" - **ቨርጂንያ ዎልፍ**

• "ታሕቲ'የ" ናይ ምባል ኣሉታዊ ስምዒት ኣይተሕድር። ኣብ'ቲ ዘለኻ ልዑል ክእለታት ኣቕልብ፡ ካብ'ቲ ንሸኻ እትሓስቦ ንላዕሊ ዓቢ ምኳንካ ኣስተብህል።" - **ጆስ በሊንግስ**

• "እቲ ፈጺሙ ርእይቶኡ ዘይቕይር ሰብ፡ ልክዕ ከምቲ ዘይንቀሳቐስ ዕቋር ማይ እዩ። ኣብ ውሽጡ ከኣ ለመምታ የፍሪ።" - **ሚልያም ብሌክ**

# “ውሕስነት መኣዛዊ መግቢ ንኹሉ ኣብ ኩሉ”

ሸዊት ገብረብርሃን
ኣ/ዜ/ዞ/ደቡብ

መንግስቲ ኤርትራ፡ ኩሉ ዜጋ ናይዛ ሃገር ክምሃር መሰል ኣለዎ ብዝብል ፖሊሲኡ - ካብ ጽባሕ ናጽነት ኣትሒዙ ኣብዚ ጽላት


ኣቶ ሃብተኣብ ተስፋጽዮን


ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ ሰሰን መድሃኔ

እዚ ዝሒፍ ባጀት ብምስላዕ ኣካዳምያውን ሞያውን ብቑዓት ዜጋታት ክብ ኣብ ምብል'ዩ ዝርከብ፡ ውጽኢት ናይ'ዚ እዩ ክኣ ኣብዚ ሕጂ ዘለና ወርሒ ሓምለ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ መንእሰያት


ቤትኤል ሰመረ

- ብዝተፈላለዩ ሞያታት ኣብ ዝተፈላለያ ኮሌጃት ክመሃሩ ጸኒሖም ኣብ ምምራቕ ዝርከብ ዘለው።
እዞም ሕጂ ብዝተፈላለዩ ዓውደ-ሞያታት ዝሰልጠኑ መንእሰያት፡ ከም'ቶም ቀዳሞቶም ኣብ ዝተፈላለዩ ትካላት ብብዝተመሃርዎ ዓውዲ ተመዲቦም፡ ኣብ'ዚ ዝቕጽል ዘሎ ልምዓታዊ መደባት ሃገር - እጃሞም ከበርክቱ ምኳኖም ከኣ ኣብ'ቲ ዝተመረቑሉ ኣጋጣሚታት ኣረጋጊጾም ኣለው።
ከም ኣካል ናይ'ዚ፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ምስ ምምሕዳር ዞባ ደቡብ ብምትሕብባር ንኣስታት ሓደ ዓመት ኣካዳምያውን ሞያውን ትምህርቲ ክሀቡ ዝጸንሑ 347 ኣባላት 34 ከምኡ'ውን 35 ዘርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝኾኑ መንእሰያት ደቂ-ኣንስትዮ - ናብ ዝምረቓሉ ዕለት በጺሐሱ ግሩም ዝኾነ ስነ-ስርዓት ወዲቡ።
ኣብ'ቲ ብ26 ሓምለ ኣብ ኣዳራሽ ተሓጋገዚት ነርስ መንደፈራ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት ምምራቕ፡ ናይ እንቋዕ ድሓን መጻኹም መኽፈቲ ቃል ዘስምዐ - ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ሕርሻን መሬትን ዞባ ደቡብ ኣቶ የማን ኣብዩ፡ ንኹሎም ኑቲ መደብ ንምዕዋት ዝጸዓሩ ድሕሪ ምምስጋኑ፡ ንተመረቕቲ ተመሃሮ “የቐንየልና” ኢሉዎም።

“ሃብትና ዓቕሚ-ሰብና ምኳኑ ስለዝኣመነ፡ መንእሰያትና - ዘለዎም ሕጽረታት እናመላእካ ሞያ ዓጢቖም ኣብ ልምዓትን ምምዕባል ሃገርን እጃሞም ከም ዘበርክቱ ምግባር ናይ መንግስቲ ኤርትራ ዝፃለየ

ትምህርቲ ካብ 25 መስከረም 2023 ክሳብ 2 መጋቢት (እንተላይ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና (ማትሪክ)) ተማሂረን ብዓወት ከም ዝዛዘማ ኣረዲኡ። ኣብ'ዚ መደብ ትምህርቲ እዚ፡ 83 ኣባላት 34 ዘርያ፡ 279 ድማ

ተመረቕቲ፡ ኣብ ቑጠባት ሕርሻ ብምምዳቦ፡ መጀመርታ ካብ ሓረስቶት ግብራዊ ተመኩሮ ቀሲመን - ኑቲ ዝወሰዳኦ ትምህርቲ፡ ጥቡባት ቴክኖሎጅን ብምሕዋስ፡ መኩብሮ ህዝቢ ኣብ ሕርሻ ከመሓይሻ ስለዋኡ ኣመሓላሊፉለን።



መደብ እዩ” ዝበለ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ዞባ ደቡብ ኣቶ ተኪኤ ተወልደ ድማ፡ ዓሚ ተመሃሮ ደቂ-ኣንስትዮ ካብታ መዲና መንእሰያት ዝኾኑት ሳዋ ብምቕባል፡ ኣብ ዞባ ደቡብ ኮይኑ ክምሃራ ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ ሓበሬታ ድሕሪ ምሃቡ፡ ምስ ዝበረ ሓጺር ግዜ መፍትሒ ብምንዳይ፡ እተን መንእሰያት ደቂ-ኣንስትዮ ዘይሻገራሉ ባይታ ብምጥጣሕ፡ ብቐዋሚ ዝምሃራሉን ዝነብራሉን ቦታታት ብምምችቻእ፡ ኣብቲ ስሩዕ ናይ ስልጠናን ትምህርትን መደብ ከም ዝኣቶ ከም እተጉብረ ኣረዲኡ።
እዚ ተረኺቡ ዘሎ ዓወት፡ ብወህደት ናይ ዝተፈላለዩ ሓለፍቲ ክፍልታትን ሱታፌ ዝተፈላለያ ትካላት መንግስትን ምኳኑ እውን ኣብሪሁ።
ጸማቒ ጸብጻብ ትምህርትን ወጽኢቱን ዘቕረበ ዳይረክተር ናይ'ቲ ስልጠና ዶክተር ዑቕባዝጊ ክፍለ ብወገኑ፡ እዚ ትምህርትን ስልጠናን፡ ቅድመ-ምድላው ዘይተጉብረሉን ሃንደበትን ከም ዝበረ፡ ከምኡ ስለዝኾነ ኸኣ፡ ንኹሉ ዝተዋስኣ ኣካል፡ ብፍላይ ከኣ ኑቶም ብቐጥታ ናይ ምትግባር ሓላፍነት ዝተሰከሙ ኣካላት ቀሊል ዘይኮነ ጸቕጥን ስክፍታን ፈጢሩ ምንባሩ ኣገንዚቡ።
“ክሰርሕ ዝተበገሰ፡ ዜጋጥም ብድሆ ብዘየገድስ ዓጋቲ ስለ ዘይብሉ፡ ኩሎም ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ዝተዋስኡ መሻርኽቲ እውን፡ ኩሉ ካብኦም ዝድለ ፅምም ስለዘበርከቱ፡ እንሆ በቲ ዝተወጠኖ መሰረት ብዓወት ንምዝዛሙ በቒዕና” ክብል ድማ ዝተሰምዖ ሓበን ኣካፊሉ።
ቀጺሉ ዶክተር ዑቕባዝጊ፡ ሞያዊ ትምህርቲ ካብ 28 ነሓሰ 2023 ክሳብ 26 ሓምለ 2024፣ ጉድኒ ጉድኒ ድማ ኣካዳምያዊ

ኣባላት 35 ዘርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት - ብድምር 360 ክምዝገባ እንከለዋ፡ 350 - ማለት 97% ናይ ኣካዳምያዊ ትምህርተን ክዛዝማ እንከለዋ፡ 347 - ማለት 76% ከኣ 10 ሓምለ 2024 ዝተዋህበን ናይ ሞያ ትምህርቲ ብዘዋጽኦ ከም ዝወድኣ፡ ኣብ ዝተዋህበን ናይ መወዳእታ ሞያዊ ፈተናን 99.7% ሓሊፈን ብዓወት ኣብ ምምራቕ ከም ዝበጽሓን ገሊጹ።
መደብ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ፡ ብ5 ዓይነታት ትምህርቲ - ማለት እንግሊዝ፡ ቋንቋ ዓዶሎጂ፡ ኬሚስትሪ፡ ፊዚክስ ከውሃብ እንከሎ፡ ኣብ ናይ ሕርሻ ድማ ምርባሕ ንህቢ፡ ምርባሕ ደርሆ፡ ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ጥዑዝ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ልምዓት መሰኖ፡

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ንኡሳንን ማእከላይትን ንጉዳውያን ሕርሻ፡ ንኡስ ወሁድ ስድራ-ቤታዊ መደብ ሕርሻ፡ ንኡስ ርቡሕ ቃጽያ (ንርቃሕ) ሕርሻ - ኣብ ዝበሉ 3 ዓብይቲ ስትራተጂታት ይሰርሕ ከም ዘሎ ብምሕባር ከኣ፡ ኣብ ትግባረ ናይ'ዚ ተወጢኑ ዘሎ ኣገዳሲ መደብ፡ ግቡእ ተራኣን ክጻወታ ዘለዎ እምነት ገሊጹለን።
ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ኣቶ ሃብተኣብ ተስፋጽዮን ብወገኑ ኣብ ዘሰምዖ ናይ መዛዘሚ ቃል፡ ኣብ ሃገርና ዘሮ ብኸዕት ጉልበት ኤርትራዊ ብዝብል ስነ-ሓሳብ ይሰራሕ ከም ዘሎ፡ እዚ ናይ ትግባረ ስትራተጂ ድማ፡ ኣብ ምምልላእ ዝተመርኰሰ ስለዝኾነ፡ ኩሉ ከድምጸሉን ክፍርየሉን ብዘኽእል


ያስሚን ዑስማን

ምርባሕ ናይ ጸባ ከብቲ፡ ምሕደራ ሕርሻ፡ ምክልኻል ኣዝዕርቲ፡ ገምጋም ጽልዋ ኣከባቢ፡ ምክልኻል ቡቕልን ሞያዊ ስልጠናን ከም ዝቐሰማ ዶክተር ዑቕባዝጊ ገሊጹ።
ተራ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ መኸተን ልምዓትን ስሉልናዊ ዓወት፡ ምሕደራ ጸቕጥን ኣፈታትሓኡን፡ ኣእምሮኣዊ ጸቕጢ፡ መጠንቀቕታኡን መፍትሒኡን፡ ጥቕሚ ትምህርትን ኣብ ትምህርቲ ንኽዕወታ ዝሕግዝ ኣገባብ መጽናዕትን፡ ገበንን ሕጊ ገበናዊ ስርዓትን ካልእን ኣብ ዝብሉ ኣርእስቲታት እውን ሰሚናራት ከም ዝተዋህበን ኣብሪሁ።
ተመረቕቲ ዝቐሰማኦ ሞያ ብግብራዊ ስራሕ ብምድራዕ ኑቲ ተወጢኑ ዘሎ “ውሑስ መኣዛዊ መግቢ፡ ንኹሉ ኣብ ኩሉ” ዝብል መደብ ተግባራዊ ኣብ ምግባሩ ክጽዕራ ዘተሓሳሰበ ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ፡ ኣብ ዝተበጽሐ ደረጃ ትምህርቲ ደብጺሕ፡ ትምህርቲ መጠበሲ ኮይኑ - እቲ ቐንዲ ኣብ ናይ ስራሕ ዓለም ኮይንካ ምስትቶም ምሳኻ ዝዋሰኡ ተመኩሮ ብምቕሳም፡ ኣብ መስርሕ እተረኽቦ ፍልጠት እቲ ዝበለጸ ትምህርቲ ብምኳኑ፡

እናተሰለየ ብምምልላእ ሓደ ብቑዕን ምሉእን ሃገር ንኽንመጽእ - እዚ ሞያዊ ስልጠና እዚ ኣካል ናቱ ከምዝኾነ ኣረዲኡ።
እተን መንእሰያት፡ ብዝቐሰማኦ ሞያ ኣብ ሕርሻ ሃገርና ስውጢ ንምምጻእ - ኣብ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ብሕልፊ ብኣተኩሮ ንኽሰርሓ ሓገዝን ክዓዝዘ ኣተሓሳሰበ።ኣብ'ቲ ስነ-ስርዓት፡ ኩለን ተመረቕቲ ዝተዓደለለን ወረቐት ምስክር ካብ ኢድ ዝተፈላለዩ ዕዱማት ክቕበላ እንከለዋ፡ ካብ ኩለን ሰልጣኖቲ ቀዳመይቲ ሰሰን መድሃኔ፡ ካልኣይቲ ቤትኤል ሰመረ፡ ሳልሰይቲ ድማ ያስሚን ዑስማን ዕዉታት ብምኳን ከኣ ተወሳኺ ሽልማት ተቐቢለን።
ኣብ መወዳእታ እተን ዕዉታት፡ ምስጢር ዓወተን ኣብ ግዜ ትምህርቲ ዝኸተላኦ ዝበረ ኣድህቦን ምክትታልን ምኳኑ ብምግላጽ፡ መንግስቲ ንዝኸፈተለን ዕድል ምስጋናኣን ኣመሓላሊፈን፡ ዝቐሰማኦ ሞያዊ ትምህርቲ ኣብ ግብራዊ ስራሕ ብምትርጓም፡ ንዘምሃረን ህዝብን መንግስትን ክኸሕሳ ቃል ብምእታው እውን - ወለደን ኣለይቲን መማህራነን ንዝገበሩለን ናብዮትን ክንክንን ኣመስጊነን።



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## VACANCY ANNOUNCEMENT

KMSC

Kerkebet Mining Share Company is inviting qualified and competitive applicants for the following position:

**1. Position: Geologist**

**Department: Mining**
**Number Required: One (01)**
**Primary Purpose:**

To ensure the technical quality management within geological and mining operations, focusing on the accuracy and consistency of geological data and software.

**Main Function:**

- Ensure the accuracy and consistency of geological databases and software.
- Coordinate with other departments to ensure alignment on quality standards and objectives.
- Resolve technical issues related to quality and data integrity.
- Conduct geological surveys and data analysis.
- Develop and implement geological models and software tools.
- Oversee remote sensing and GIS projects related to mineral exploration.

**UNIQUE REQUIREMENTS / OTHER INFORMATION**

- Candidate must be physically and mentally fit

**Qualification**

- Master of Science, Geographical Information Science;
- Bachelor of Science, Geographical Information Science;

**Knowledge and work experience**

- 5 years GIS experience in geological survey or mineral exploration area
- Well experienced in Technical quality management
- With knowledge in mineral resource practically and theoretically
- Experience working with mining company, especially expat experience is preferable

**Technical Skills:**

- Excellent with kinds of geological GIS software such as QGIS, ArcGIS, Google Earth Engine
- Fluent in verbal and written English, and inter personal skill, communication skills
- With some spoken Chinese would be advantageous

**Behavioral Skills:**

- Good communication skills and teamwork
- Ability to work in multi-disciplinary environment
- Ability to conduct maintenance matters
- Interpersonal skills
- Ability to work under pressure and achieve project milestones

**General information and other requirement:**

- **Place of work**: Asmara / Kerkebet
- **Salary:** as per company scale
- **Type of contract:** Definite period of one year

**Additional requirement for nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense
- Present clearance paper from current/last employer
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National I
- Identity Card etc.).
- Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview
- Application documents will not be returned to sender
- All applications should be sent through the post office
- Deadline for application: 10 days from the day of publication in the newspaper

**Address: please mail your application to:**
**Kerkebet Mining Share Company,**
**P. O. BOX 9258**
**Asmara, Eritrea**
**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment Permits Affair**
   **P. O. BOX 7940**
   **Asmara, Eritrea**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. BOX 272**
   **Asmara, Eritrea**

## ንኻልኣይ ግዜ ዝወጸኣ ምልክታ ጨረታ

ቤ/ት/ጨ/ሚኒ/ትም/ዞባ ማእከል ኣብ ኣሃዱ ባህሊ ስፖርትን ጥዕናን ዝቀየድ ንጥፈታት ዘገልግሉ ጀነረይተር፣ ቪደዮ ካሜራ፣ ኤልሲዲ ኤፕሶንን ኤችፒ ላፕ ቶፕን ኣጫሪቱ ክዕድግ ስለ ዝደለየ፣ ሕጋውያን ተጫረትቲ ይዕድም።

| ተ.ቁ | ዓይነት ንብረት /DESCRIPTION/ | | መዓቀኒ | ብዝሒ |
|---|---|---|---|---|
| 1. | ጀነረይተር (ዓይነትን ካፓሲቲን ምጥቃስ የድሊ | | ፍቕዲ | 01 |
| 2. | VIDEO CAMERA | SONY MARK | ፍቕዲ | 01 |
| | | LENS SIGMA | | |
| | | STAND Trypad | | |
| 3. | L.C.D EPSON | | ፍቕዲ | 01 |
| 4. | HP Lap Top (model 15) | processor =12th Gen core i7 above 2.5 GHZ Speed | ፍቕዲ | 02 |
| | | memery=16 GB | | |
| | | Storage= 1 TBSSD | | |
| | | Display= 15.6 inch LED FHD | | |

ተጫረትቲ ከማልእዎ ዘለዎም

1 ናይ 2019 ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድን 2022 ክሊራንስን ናይ ታሲራ ፎቶ ኮፒን የቕርቡ።
2 መኽበሪ ጨረታ (Bid security) ብ C.p.o ናቕፋ-10,000.00 (ዓሰርተሽሕ ናቕፋ) ክሰኣ ኣለዎ።
3 ተጫረትቲ፣ ተወሳኺ፣ ሓበሬታ ምስዝደልዩ፣ ካብ ቤ/ጽ/ጨ/ሚኒ/ዞባ ማእከል ቁ.8 ቴሌ. 180386 ናይ ጨረታ ሰነድ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
4. ብቑዓት ተጫረትቲ፣ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ ሓምሳ ናቕፋ ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ።
5.ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተሓቲሙ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ንሓሙሽተ መዓልታት ስራሕ ክፉት ኮይኑ፣ ንጽባሒቱ ሳንዱቕ ጨረታ ሰዓት 9:00 ቅ/ቀ ይኽፈት።
6. ጨረታ፤ ተጫረትቲ ሕጋውያን ወከልትን ስዑርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ውልቀ ሰባትን ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ቤ/ጽ/ጨ/ሚኒ/ትም/ዞባ ማእከል ብግልጺ ይኽፈት።
7 ጨረታ፣ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረትን መንግስትን ብዝእዝዞ መሰረት ይካየድ።
8 ቤ/ጽ/ጨ/ሚኒ/ዞባ/ማእከል ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፣ ብምሉኡ ወይ ብኸፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ቤ/ጽ/ጨ/ሚኒ/ዞባ/ማእከል

Ministry of Education zoba Maekerl p.Box; 82 Tele No 180386/180374/180389

---

ብውርሲ ካብ ወላዲተይ ዝተረኽበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ኣብ ከተማ ኣስመራ ምም/ን/ዞባ ማይ ተመናይ ዚፕ 1A126 ጎደና 126-5 ፕሎት 13R ፓርሰል G ዝርከብ መለለዪ ቁጽሪ ንብረት 1BRASM018395 ዕለት 29/9/2022 ብስም ነ/ፍ ለተብርሃን ተስፋሁነይ ኀበዜ ተመዝጊቡ ዋንነቱ ዝተረጋገጸ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮ ቤ/ጽ/ሃ/ካዳስተርን ይቕረብ፣ እንተዘየለ ግን ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ምዃነይ እሕብር።

ብርሃነ ባይረ ኣሃንያ

---

ብስም ተስፉይ ሃብታይ መሓሪ ዝተመዝገበ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00011227 ዝፐቱ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገዛ ጣንዳ ጎደና ዳህላክ ቁ.ገዛ 132 ዝርከብ ናይ ቤት መስተ ትካለይ ንወ/ሮ ሄዋን ሰለሙን ገብረጻድቕ፣ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ንዞባ ቲራቮሎ ጎደና ኩዳበርገና ቁ.ገዛ 70 ካብ ዕለት 1/6/24 ክሳብ ዕለት 31/5/26 ኣካርየዮ ስለዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፣ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፣ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፣ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ።

ተስፉይ ሃብታይ መሓሪ
ወከል ጉብረዝጊ ሃብታይ መሓሪ

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሃገራዊ ፈደረሽን ኵዕሶ እግሪ፡ ኣብ መደብ 'ምልላይ ተውህቦ' ገምጋም የካይድ ኣሎ

ሃገራዊ ፈደረሽን ኵዕሶ እግሪ ኤርትራ፡ ካብ 28 ሓምለ ጀሚሩ ኣብ ከተማ ከረን ን'ፕሮጀክት ምልላይ ተውህቦ ኵዕሶ እግሪ ትሕቲ 15 ዓመት' ብኹሉ ሸነኻቱ ናይ ምምዝጋም መደብ የካይድ ኣሎ።

እቲ ካብ 2023 ኣትሒዙ ኣብ ኩለን ዞባታት - ኣብ ሸዱሽተ ነቑጣታት ተኸፋፊሉ ዝትግበር ዘሎ መደብ፡ በቲ ሓደ ወገን ኣብ 2025 ሓያል ሃገራዊት ጋንታ ንምቛም፡ ብኻልእ ወገን ድማ፡ ንኣህጉራውያን ጋንታታት ደገፍ ንምሃብ ንምሕያልን እዩ። ትሕቲ 15 ዓመት ዕድመ ዝርከቡ ተውህቦ ዘለዎም ተጻወትቲ ንምብዛሕን ንምዕባይን እውን ዝዓለመ እዩ።

ዕላማ ናይ'ዚ ገምጋም፡ ነቲ መደብ ቅድሚ ናብ ካልኣይ ነቑጣታትን ከተማታትን ምስግጋሩ፡ ኣወንታውን ኣሉታውን ጉድለታት ንምልላይን ኣብ ዓቕምታት ክሱብ ክንደይ ዝተረጋገጸ ምዕባለታት ተኸይዱ ከም ዘሎ ንምፍላጥን እዩ።




ነቑጣታት ከረኑ ባረንቱን መንደፈራን ዝሳተፍኦ ዘለዋ እዚ ናይ ገምጋም መደብ፡ ኣብ መንጎ ነቑጣታትን ዝተሓዋወሳ ጋንታታትን ግጥማት ምኽያድ ዘጠቓልል'ውን እዩ። ዕላማኡ፡ ኣብ ቴክኒካዊ መዳይ ናይቶም ካብ ነፍሲ ወከፍ ነቑጣ ዝመጹ 50 ተጻወትቲ (25 ደቂ ኣንስትዮ 25 ደቂ ተባዕትዮ) ዝተራእየ ምዕባለ ምዕዛብ እዩ። ኵዕሶ ካብ ድሕሪት ምጅማርን ዝርከቡዎ ስልጠና ኣብ ግብሪ ናይ ምውዓል ዓቕሞምን፡ ካብ ሓላዊ ልዳትን ኵዕሶ ምጅማርን ምዕባሎኦም ኣብ ቴክኒካዊ ክእለት፡ ታክቲካዊ ሜላ፡ ካብ ድሕሪት ናብ ቅድሚት ምኻድን ብገለ ነጥበታት ብጸወታ ዝማዕበሉ ሜላታትን ምዕዛብ እዩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ተጻዋታይ ወይ ተጻወቲት ኣብ ከበቢኦም ዘለዎም ንቕሓትን ምስ ሃገሮምን ህዝቦምን ዘለዎም ምትእስሳርን ንምዕባይ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ባህሊ ሃገሮም ሕቡራተሰቦም ዘለዎም ንቕሓት ንምምዕባል፡ ሃገራዊ ባህላውን ትምህርታውን ሰሚናራት ብምኽያድ ዝሰላሰል ዘሎ እዩ።

ብተወሳኺ፡ ኣብዘን ሸዱሽተ ነቑጣታት ዝሳተፉ ተጻወትቲ ንምልላይ፡ ስድራቤታዊ መደባትን ካልእ ማዕኸናዊ መደባትን ብምኽያድ ኣብ መንጎኦም ጥቡቕ ዝምድና ንምፍጣር ስድራቤታዊ መደብ'ውን ተሰሪዑ ኣሎ። እዚ ገምጋም፡ ጽባሕ ቀዳም እዩ ክዛዘም።

ካልኣይ መዳይ ናይዚ መደብ ኣብ ዝቕጽሉ ሓደት መዓልታት፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ብተሳትፎ ሰለስተ ነቑጣታት ማለት ኣስመራ፡ ባጽዕን ዓሰብን ክቕጽል ምዃኑ፡ ህዝባዊ ርክብ ናይ'ቲ ፈደረሽን ሓቢሩ።

## ዩናይትድ፡ ካብ ዝፈረሓቶ ኣይወጸትን




ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ካብ ዝፈረሓቶ ኣይወጸትን - ሓዲሽ ተጻዋታያ ሌኒ የሮ፡ ሰሪ ዘጋጠሞ መጉዳእቲ ንሰለስተ ኣዋርሕ ካብ ሜዳ ክርሕቕ ምዃኑ ምስ ተፈልጠ።

ኣብዚ ክረምቲ ብ52 ሚልዮን ፓውንድ ካብ ሊል ናብዛ ማንቸስተራዊት ጋንታ ዝተጸምበረ የሮ፡ ዝሓለፈ ቀዳም ብኣርሰናል ኣብ ዝተሰዓረሉ ናይ ምሕዝነት ጸወታ እዩ መጉዳእቲ ኣጋጢምዎ፡ ቅድሚ ዕረፍቲ ተቐይሩ ክወጽእ'ውን ተቐሲቡ። ብኸኢ. እቲ ኣብ ጸጋመይቲ እግሩ ዘጋጠሞ መጉዳእቲ ድማ፡ መከላኸሊ. ጫማ ለቢሱን ምርኵስ ተደጊፉን ኣብ መሎግመዲ ማእከል ክለቡ ስለ እተረኣየ፡ ማህረምቱ ከቢድ ከይኮውን ተሰጊኡ ቀንዩ።

ድሕሪ ዝተገብረሉ ተወሳኺ. መርመራ ከኣ፡ ንሰለስተ ኣዋርሕ - ክሱብ ወርሒ. ጥቅምቲ፡ ኣብ ናይ ተሃድሶ ግዜ ክሕልፍ ምዃኑ ተሓቢሩ ኣሎ። እዚ ማለት፡ የሮ፡ ኣንጻር ሊቨርፑል፡ ቶተንሃምን ኣስቶን ቪላን ዝርከበን ኣብ ትሸዓተ ቀዳሞት ናይ ፕሪመር ሊግ ግጥማት ክበኵር እዩ። ኣብ ምጅማር ኤውሮፕያን ሊግን ካራባኦ ካፕን'ውን ከምዝዩሁሉ ይሕበር።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብዚ እዋን ምስ ጋንታኡ ኣብ ኣመሪካ ክጸንሕ ወሲኑ ዘሎ እዚ. ወዲ 18 ዓመት ተኸላኻሊ፡ ናብ እንግሊዝ ምስ ተመልሰ፡ መጉዳእቱ ክሱብ መዓስ ካብ ጸወታ ከምዝኣልዮ ብልክዕ ንምርግጋጽ፡ ተወሳኺ. መርመራ ክግበረሉ እዩ።

ዩናይትድ፡ ማስመር ምክልኻል ንምህዳስ ኣብ እትሰርሓሉ ዘላ እዋን፡ እዚ ትሰፋው ተኸላኻሊ. ምኽሳራ፡ ዓቢ. ጸፍዒት እዩ። በዚ. ከኣ፡ ቅድሚ ማሰኮት ምስሮጋር (30 ነሓሰ) ምዕጻው፡ ሓደስቲ ተኸላኸልቲ ከተፈርም ትጸቢት ይግበረላ። እዛ ጋንታ፡ ኣቐዲማ ክትሓተለም ንዝጸንሐት ንተኸላኻሊ. ኤቨርተን ጃረድ ብራንዝዋይት፡ ከምኡ'ውን ንሆላንዳዊ ተኸላኻሊ. ባየር ሙኒክ ማቲያስ ደሊክት፡ ዳግማይ ከተጠይቐሎም ግምት ኣሎ።

እዚ. ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ተመሳሳሊ. ግጥም ምስ ኣርሰናል ናይ ጭዋዳ ጸገም ኣጋጢምዎ ቅድሚ ዕረፍቲ ተቐዪሩ ዝወጸ ኣጥቃዓይ እዛ ጋንታ ራስሙስ ሆይሉንድ'ውን፡ ክሱብ ወርሒ. መስከረም - ንሽዱሽተ ሳምንቲ ኣገልግሎት ኣልቦ ክኸውን እዩ። ሰለስተ ግጥማት፡ ብየብኡ ከኣ ዩናይትድ፡ 1 መስከረም ኣብ ሜዳኣ ንሊቨርፑል ዓዲማ ንእትካየዶ ናይ ፕሪመር ሊግ ጸወታ ክኸስሮ እዩ።

ካብ ዜና እዛ ጋንታ ከይወጻእና፡ ረቡዕ ምሸት ንሪያል በቲስ 3ብ2 ኣብ ዝሰዓረትሉ ጸወታ'ውን፡ ማርከስ ራሽፎርድን ኣንቶኒን ብዝተፈለየ መጉዳእቲ ተቐይሮም ወጺኦም። ዋላ'ኳ እቲ መጉዳእቲ ከቢድ ኣይምሰል፡ ተወሳኺ. መርመራ ክገብሩን ኣብ ዝርዝር ኣብ ተሃድሶ ዘለዉ. ተጻወትቲ ክኣትዉን ግና ተቐሲቦም ኣለዉ።

> ### ኦሎምፒክ ፓሪስ፡ ደሃይ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ
>
> ሃገራዊት ጋንታ ምሕንባስ ኤርትራ፡ ትማሊ. ብመጉዲ. ኣሮን ኦወሱ ኣብ መጻረዪ. ጸወታ ተሳቲፋ፣ ክትሓልፍ ግና ኣይከኣለትን።
>
> ኣብ ራብዐይቲ ጉጅለ ዝበረ ኣሮን፡ ኣብ 50 ሜትሮ ናጻ ምሕንባስ እዩ ተወዳዲሩ። ናብ ዝቕጽል ፍርቂ ፍጻመ ክሓልፍ እንተኾይኑ ከኣ፡ ትሕቲ 21 ካልኢትን 96 ንኡስ ካልኢትን ክዛርም ነይሩዎ። ክዛርሞ ብዘይምኽኣሉ ግና፡ ኣይሓለፈን። እዚ. መንእሰይ፡ 24 ካልኢትን 25 ንኡስ ካልኢትን እዩ ሃሪሙ።
>
> ኤርትራ፡ ሎሚ ዓርቢ. 2 ነሓሰ፡ ቀዳማይ ናይ ኣትሌቲክስ ውድድር ከተካይድ እያ። ኣብዚ. ዓውዲ፡ ኣትሌት መርሃዊ. መብራህቱ፡ ኣብ 10 ኪሎሜተር (10 ሽሕ ሜትሮ) ክወዳደር እዩ። ጽቡቕ ዕድል ንመርሃዊ!

## ኦሎምፒክ 2024፡ ዛጊት እተን ዝበዝሐ መዳልያታት ወሲደን ዘለዋ 10 ሃገራት

| | ወርቂ | ብሩር | ነሓስ | ድምር |
|---|---|---|---|---|
| 1. ቻይና | 11 | 7 | 3 | 21 |
| 2. ፈረንሳ | 8 | 10 | 8 | 26 |
| 3.ጃፓን | 8 | 3 | 4 | 15 |
| 4. ኣውስትራልያ | 7 | 6 | 4 | 17 |
| 5.ሕ.መ.ኣመሪካ | 6 | 13 | 12 | 31 |
| 6.ዓባይ ብሪጣንያ | 6 | 7 | 7 | 20 |
| 7. ደ.ኮርያ | 6 | 3 | 3 | 12 |
| 8.ኢጣልያ | 3 | 6 | 4 | 13 |
| 9.ካናዳ | 2 | 2 | 3 | 7 |
| 10.ጀርመን | 2 | 2 | 2 | 6 |
| | | | | |

* ልዕሊ'ታ ቀዳመይቲ ዘላ ቻይና፡ ብድምር ብዙሓ. መዳልያታት - ኣመሪካን ፈረንሳን ዘለዋ ክነሰን ድሕሪኣ ተሰሪዐን ኣለዋ። ምኽንያት፡ ወርቂ ልዕሊ. ብሩርን ነሓስን ቀዳምነት ስለዘወስድ እቲ ስርርዕ ቤታ ዝበዝሐ ወርቂ መዳልያ ዝተዓወተት እዩ ዝጅመር።

## ባርሳ፡ ምስ ኦልሞ ተሰማሚዓ

እስጳኛዊት ክሉብ ባርሴሎና፡ ምስ ተጻዋታይ ኣርቢ. ሌፕዚግ ዳኒ ኦልሞ፡ ኣብ ስምምዕ ምብጻሓ እሙናት ምንጪታት ሓቢሮም።

ካብ ምጅማር እዛ ክረምቲ ንኦልሞ ንምፍራም ድሌት ዝበራ ባርሳ፡ ኣቐዲማ ዘቕረበቶ ሕቶ ብኣርቢ. ሊፕዚግ ተሰሚዑት ምስኣ ተሓቢሩ ነይሩ። ሕልማ ንምስማር ከይደቀሰት ዝሓደረት እዛ ጋንታ፡ ኣብዚ. እዋን ግና፡ ምስዚ. ተጻዋታይ ተሰማሚዓ ብምህላዋ፡ እኹ ዝተርፋ ዕማም ምስ ጋንታኡ ምርድዳእ እዩ።

ባርሳ፡ ነዚ. እናከፋፈለ ዘጥቅዕ እስጳኛዊ፡ ክሱብ ሰነ 2030 ዝጸንሕ ናይ ሽዱሽተ ዓመታት ውዕል ከተፈርሞ እያ ተሰማሚዓ ዘላ። እስጳኛ ዋንጫ ኤውሮጳ 2024 ክትዓትር መሪሕ ተራ ዝተጻወተ ኦልሞ፡ እኹ ምርጫኡ ባርሳ ምዃኑ'ውን ይሕበር።




ባርሳ፡ ነቲ ኣርቢ. ሌፕዚግ እትሓቶ መጠን ገንዘብ ከምእትኸፍሎ ንጹር ኮይኑ ኣሎ። ብመሰረት እሙናት ምንጪታት፡ 55 ሚልዮን ዩሮ ቀዳማ ብምኽፋል፡ ተወሳኺ. ሽውዓተ ሚልዮን ድማ፡ ክተሰዕብ እያ። ብሓፈሻ፡ እዚ. ተጻዋታይ 62 ሚልዮን ፓውንድ ክተፍስሰሉ እያ።

ካብ 2007 ክሳብ 2014 ምስ ናይ መንእሰያት ጋንታ ባርሳ ዝተጻወተ ኦልሞ፡ ኣብ 2014 ናብ ክሮኤሽያዊት ክሉብ ዲናሞ ዛግረብ ተሸይጡ። ቀዳመይቲ ፕሮፈሽናል (ናይ ዓብይቲ ግጥም) ጸወታኡ ድማ፡ ብማልያ እዛ ጋንታ ኣካይዱዋ። ክሳብ 2020 ኣብዛ ጋንታ ድሕሪ ምጽዋት ከኣ፡ ናብ ጀርመናዊት ክሉብ ኣርቢ. ሌፕዚግ ተሰጋጊሩ ክጻወት ጸኒሑ። በዚ. ናይ ሕጂ ተሰማሚዕዎ ዘሎ ውዕል ድማ፡ ደጊሙ ናብ ባርሳን ሃዱን ክምለስ እዩ - ድሕሪ ሓደ ዕቝድ።

## ነሽስ፡ ናብ ፓሪስ ኣቕኒዑ

ኣብ ራዳር ብዙሓት ክለባት ኤውሮጳ ኣትዩ ዝጸንሐ ኣከፋፋሊ. ቤንፊካ ጃኦ ነቨስ፡ ምስ ፒኤስጂ ክምዝተሰማምዐ ተገሊጹ።

ፒኤስጂ፡ ነተን ኣብ ልዕሊ'ዚ. ፖርቱጋላዊ. ተገዳሲት ኣርእየን ዝበራ ክለባት ኣርሰናልን ማን ዩናይትድን በሊጻ እያ ወዲኣትሉ ዘላ። እዛ 12 ግዜ ሻምፕዮን ሊግ 1 ፈረንሳ ዝኾነት ክሉብ፡ ፈለማ 60 ሚልዮን ዩሮ ድሒራ ከኣ፡ ተወሳኺ. 10 ሚልዮን ዩሮ ንቤንፊካ ክትከፍላ ምዃና ይግለጽ።

ብዘይካ'ዚ፡ ንኣከፋፋሊኣ ረናቶ ሳንቸዝ ኣካል እዚ. ውዕል ብምግባር፡ ብልቓሕ ናብዛ ጋንታ ዳግማይ ከም ዝጸምበር ገይራ ኣላ። ፖርቱጋላዊ. ወዲ 26 ዓመት ሳንቸዝ፡ ቅድሚ ኣብ 2016 ምስ ልዑል ትጽቢት ናብ ባየር ሙኒክ ምስግጋሩ፡ ብማልያ ቤንፊካ እዩ ተጻዊቱ።

ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት መስመር ምክፍፋል ክጻወት ዝኽእል ነሽስ፡ ሕክምናዊ መርመራን ገለ ውልቃዊ ስምምዓትን ጥራይ ተሪፍዎ ይርከብ። እዚ. ወዲ 19 ዓመት መንእሰይ፡ ዝሓለፈ. ወቕቲ ብሉጽ ብቕዓት ምንጽብራቑ ይትንተን። ኣብ 33 ናይ ሊግ ግጥማት ንቤንፊካ ዝወከለ ነሽስ፡ ጋንታኡ ኣብ ኤውሮፕያን ሊግ ኣብ ርብዒ. ፍጻመ ክትበጽሕ፡ ኣብ ኩሉ ግጥማት ተሰሊፉ ልዑል ተራ ተጻዊቱ እዩ።

ነሽስ በቲ ኣብ ክለቡ ዘርኣዮ ምንቅስቓስ፡ ጸዋዒት ዓላሚ ሃገራዊት ጋንታ ፖርቱጋል ሮበርቶ ማርቲነዝ ረኺቡ፡ ኣብ ዋንጫ ኤውሮጳ 2024 ክጻወት በቒዑ እዩ። ሓንሳብ ካብ ፈለማ ተቐዪሩ ብምእታው ድማ፡ ክልተ ግዜ ማልያኣ ለቢሱ። ታሕሳስ 2022 ንቐዳመይቲ. ጋንታ ቤንፊካ ወግዓዊ. ጸወታ ዘካየደላ ነሽስ፡ ክሳብ ዝሓለፈ. ወቕቲ ኣብ 75 ግጥማት ተጻዊቱላ፣ ኣርባዕተ ሸቶታት ድማ ኣመዝጊቡላ።

## ሮማ፡ ሓዲሽ ኣጥቃዓይ ኣፈሪማ

ኢጣልያዊት ክሉብ ሮማ፡ ንኣጥቃዓይ እስጳኛዊት ጋንታ ጂሮና ኣርተም ዶቭብይክ ከምዝፈረመቶ ተቓሊሑ።

ሓዲሽ ኣጥቃዓይ ንምፍራም ክትሰርሕ ዝጸንሐት እዛ ጋንታ፡ ነዚ. ዩክረይናዊ. ንምውናን 30.5 ሚልዮን ዩሮ ከምዝኸፈለት ይግለጽ። ድሒራ ከኣ፡ ሽዱሽተ ሚልዮን ዩሮ ክተሰዕብ እያ። ትማሊ. ኣብ መዕርፎ. ነፈርቲ ከተማ ሮማ ምስ በጽሐ ብርክት ዝበሉ ደገፍቲ ዝተቐበልዎ ኣርተም ድማ፡ ክሳብ 30 ሰነ 2029 ዝጸንሐ ናይ ሓሙሽተ ዓመታት ውዕል ክፍርም እዩ።

ኣርተም፡ ዝሓለፈ. ዓመት እዩ ካብ ሃገሩ ናብቲ ሓደ ካብቶም ዝዓበዩ ሓሙሽተ ሊጋት ኤውሮጳ ዝኾነ ላ'ሊጋ ተሰጋጊሩ - ናብ ክሉብ ጂሮና። ኣብዛ ክሉብ ኮይኑ ብዘርኣዮ መሳጢ. ብቕዓትን ሸቶ ናይ ምቑጻር ዓቕምን ከኣ፡ ዓይኒ ዓበይቲ ክለባት ስሒቡ። እዚ. ወዲ 27 ዓመት ኣጥቃዓይ፡ ኣብ ቀዳመይቲ ዓመት ብ24 ሸቶታት ዝለዓለ ኣመዝጋቢ. ሸቶ ላ'ሊጋ ብምዃን እዩ ዛዚሙ።

# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## ሩሲያን ኢንዶነዥያን ሽርክነተን ንምሕያል ይሰርሓ

ሓድሽ ፕረዚደንት ኢንዶነዥያ ኮይኑ ዝተመርጸ ፕራቦዎ ሱብያንቶ፡ ኣብ'ቲ ዝመጽእ ወርሒ ጥቅምቲ ዝምስርቶ ምምሕዳር - ሃገሩ ምስ ሩሲያ ዘጸንዓ ሽርክነት ብሓፈሻ፡ ኣብ ጽላታት ትምህርቲን ምክልኻልን ጸዓትን ድማ ብፍላይ፡ ምትሕብባራ ክተሐይል ዘለዎ ተስፋ ገሊጹ፡፡

እቲ ፕረዚደንት ዝኢ ዝገለጾ፡ ዝሓለፈ ረቡዕ ኣብ ቤት-ጽሕፈት ክረምሊን - ሞስኮ ተረኺቡ ምስ ፕረዚደንት ሩሲያ ቭላድሚር ፑቲን ድሕሪ ምዝርራቡ እዩ፡፡

ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ሚኒስተር ምክልኻል ኢንዶነዥያ ኮይኑ ዘገልግል ዘሎ ፕራቦዎ ሱብያንቶ፡ ድሕሪ ሓደ ወርሒ ካብ ፕረዚደንት ጆኮ ዊዶዶ ስልጣን ክረክብ ምዃኑ ይግለጽ፡፡

"ንሩሲያ፡ ከም ዓባይ መሻርኽቲ ኢና ንርእያ" ዝበለ ፕራቦዎ፡ ዝምድና ክልቲኣን ሃገራት ክቕጽልን ዝያዳ ክምዕበልን ዘለዎ እምነት ገሊጹ፡፡

ንሱ ወሲኹ፡ ኣብ ምክልኻልን ኑክለሲያዊ ጸዓትን ሽርክነት ንምቕጻል፡ ከምኡ'ውን ኢንዶነዥያውያን ተማሃሮ ናብ ሩሲያ ክለኣኹ ድልየት ከምዘለዎ ኣፍሊጡ፡፡

ፕረዚደንት ፑቲን ብወገኑ፡ ሩሲያ ሰደድ ፍርያት ሕርሻ ናብ ኢንዶነዥያ ንምዕባይ፡ ኣብ ዓውዲታት ጸዓትን መጓዓዝያን ትሕተ-ቅርጺን ድማ - ወፍሪ ፕሮጀክትታት ንምግባር ድልውቲ ምዃና ገሊጹ፡፡

ፕራቦዎ ኣብ ዝሓለፈ ኣዋርሕ እውን ኢንዶነዥያ ምስ ቻይና ዘለዋ ናይ ሽርክነት ፖሊሲ ንምርግጋጽ፡ ናብ በይጂንግ ብምኻድ ምስ ፕረዚደንት ቻይና ሺ ዢ ፒንግ ከምዝዘተየ ይዝከር፡፡



## ኢራንን ግብጺን፡ ዝምድናአን ናብ ንቡር ንምምላስ ተሰማሚዐን

ኢራንን ግብጽን ዲፕሎማስያዊ ዝምድናአን ናብ ንቡር ንምምላስ ክሰርሓ ከምእተሰማምዓ ሓቢረን፡፡

ክልቲአን ሃገራት ኣብ'ዚ ስምምዕ ዝበጽሓ፡ ሓድሽ ፕረዚደንት ኢራን ማስዑድ ፐዘሽኪያንን ሓድሽ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ግብጺ በድር ዓብደልዓጢን ብ31 ሓምለ ኣብ ከተማ ጣህራን ኣብ ዘካየድዎ ርክብ እዩ፡፡

ኑቲ ስምምዓት ንምትግባር፡ ኣብ ዝሓጸረ እዋን ካልኣ ተወሳኺ ናይ ላዕለዎት ሰብ-መዚ ዘርርባት ክካየድ እውን ኣብ'ቲ ርክብ ኣፍሊጠን፡፡

ምምሕያሽ ዝምድና ኢራንን ግብጺን ኣብ ምውሓስ ዞባዊ ጸጥታ እወታዊ ኣገዳስነት ከምዘህልዎ እዩም - ተንተንቲ ፖሊቲካ ዝገልጹ፡፡

ኢራንን ግብጺን ፍልልያተን ብምጽባብ ዝምድናአን ናብ ንቡር ንምምላስ - ካብ ዝሓለፈ ቀረባ ኣዋርሕ ጀሚረን ተኸታቲሉ ዲፕሎማስያዊ ዝርርብ ከካይዳ ምጽናሐን ይሕበር፡፡

ዲፕሎማስያዊ ዝምድና ክልቲአን ሃገራት፡ ካብ 1980 ኣትሒዙ ከምእተበትከ ጸብጻባት የረድኡ፡፡



## ቻይናን ህንዲን፡ ዶባዊ ምስሕሓብ ብሰላም ንምፍታሕ ርክባት ይቕጽላ

ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይናን ህንድን ኑቲ ዘሰሓሕበን ዘሎ ዶብ ናይ ሓዋሩ ሰላምን ቅሳነትን ዘምጽእ ቀጻሊ ርክባት ክካየዳ ከምእተሰማምዓ፡ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ቻይና ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ ሓቢሩ፡፡

እቲ መግለጺ፡ ሰበስልጣን ክልቲአን ሃገራት ዝሓለፈ ሓሙስ ኣብ ከተማ ኒውደልሂ ብዝዕብ'ቲ ጉዳይ ንመበል 30 ግዜኦም - ድሕሪ ዝገበርዎ ናይ ምምኽኻር ርክብ እዩ ተቓሊሑ፡፡

እቲ ክልቲአን ሃገራት ዘከራኽራሉ መሬት፡ ኣብ እምባ ሂማሊያስ ዝርከብ ሓብራዊ ዶብ ዘማእከለ ኮይኑ፡ መብዝሕትኡ ክፋል ናይ'ቲ ዶብ ብንጹር ዘይተሓንጸጸ ከምዝዀነ ይሕበር፡፡

ዝምድና ቻይናን ህንድን ንዋሕ ዓመታት ሻሕኪሩ እኳ እንተጸንሐ፡ ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን - መራሕቲ ክልቲአን ሃገራት ኑቲ ጉዳይ ብሰላም ንምፍታሕ ድሕሪ ዝገበርዎ ልዝብ፡ ርክብ ክልቲአን ሃገራት ናብ ንቡር ይምለስ ከምዘሎ ጸብጻባት የመልክቱ፡፡

ክልቲኦም ወገናት ብዘውሃቡ፡ ኑቲ ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ እዋን ኣብ ዝተኻየደ ክልተኣዊ ርክብ ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ቻይናን ህንድን ዝተበጽሐ 'ኣገዳሲ' ዝበልዎ ምርድዳእ፡ ብዕቱብ ክትግበርዎ ተሰማሚዖም ኣለው፡፡

ንዶብ ቻይናን ህንድን ኣብ ዝምልከቱ ፍሉያት ጉዳያት ከተኩሩን ብዘተኣእለ መጠን ኣብ ዝሓጸረ እዋን ቅቡል ፍታሕ ንምብጻሕ ክጽዕሩን እውን ኣብ ምርድዳእ ከምዝበጽሑ እዩ እቲ ሓበሬታ ዘረድእ፡፡

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ቻይና ዋንግ ዪን ህንዳዊ መዘናኡ ሱብራሁማንያም ጃይሻንካርን - ኣብ ላኦስ ኣብ ዝገበርዎ ርክብ፡ ፍልልያት መፍትሒ ክረኽቡሉን ክልተኣዊ ዝምድናታት ናብ ኣወንታውን ሃናጽን መስመር ክመልሱን ከምእተረዳድኡ ይዝከር፡፡



## መንግስቲ ፊሊፒንስ፡ ሚሳይላት ኣመሪካ ኣብ መሬቱ ክጻወድ ኣፍቂዱ

መንግስቲ ፊሊፒንስ፡ ናይ ማእከላይ ርሕቀት ሚሳይል ኣመሪካ ኣብ መሬቱ ክጻወድ ከምእተሰማምዐ ተገሊጹ፡፡

እቲ ስምምዕ፡ ኣመሪካውያን ሰበስልጣን - ጸሓፊ ጉዳያት ወጻኢ ኣንቶኒ ብሊንከንን ጸሓፊ ምክልኻል ሎይድ ኣስቲንን፡ ኣብ ዝሓለፈ ሳልስቲ ምስ ፕረዚደንት ፊሊፒንስ ፈርዲናንድ ማርኮስ ኣብ ከተማ ማኒላ ኣብ ዘካየድዎ ርክብ እዩ ተበጺሑ፡፡

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ኣመሪካ ኣብ መሬት ፊሊፒንስ ዝሎ ወተሃደራዊ መደብራታ ከተሐድሶ፡ ንፊሊፒንስ ድማ 500 ሚልዮን ዶላር ወተሃደራዊ ደገፍ ክትገብረላ እውን ተሰማሚዖም ኣለው፡፡

ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና፡ እቲ ስምምዕ ንዞባዊ ጸጥታ ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ምዃኑ ብምምልካት - ብትሪ ኮኒናቶ ኣላ፡፡

ኣመሪካን ፊሊፒንስን ወተሃደራውን ጸጥታውን ዝምድናአን ንምሕያል - ኣብ መወዳእታ 2023 ስምምዕ ከምዝገበራ ዝዝከር ኮይኑ፡ ቻይና - እቲ ወተሃደራዊ ስምምዕ ንጸጥታ ዞባ ኤስያ-ፓስፊክ ብኣሉታ ዝጸሉ ምዃኑ ብምሕባር፡ ክትቃወሞ ከምዝጸንሐት ይግለጽ፡፡

እቲ ወተሃደራዊ ሽርክነት፡ ኣካል ናይ'ቲ ኣመሪካ ኣብ'ቲ ዞባ ህላወኣ ንምስፍሕፋሕ ተካይዶ ዘላ ምንቅስቓስ ምዃኑ፡ ናይ ቀረባ ተዓዘብቲ ይጠቕሱ፡፡




## ማለዥያ፡ ንኩባንያ ማሕበራዊ መራኸቢ 'ሜታ' ትነቅፍ

ቀዳማይ ሚኒስተር ማለዥያ ኣንዋር ኢብራሂም፡ ኣብ 'ፖሊሲ ሳንሱር' ንኣመራጻዊ ኩባንያ ማሕበራዊ መራኸቢታት 'ሜታ' ነቒፉ፡፡

እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ኑቲ ነቐፌታ ዘስምዑ፡ ኩባንያ ሜታ - ንቕትለት ሓላፊ ፖሊቲካዊ ጉዳያት ሓማስ እስማዒል ሃኒያ ዝምልከት ቪድዮታትን መልእኽትታትን፡ ካብ ማሕበራዊ መራኸቢታቱ ከምዝኣለየ ድሕሪ ምግላጹ እዩ፡፡

ካብ ቤት-ጽሕፈት ናይ'ቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ዝተመሓላለፈ ፍሉይ መግለጺ ብዘውሃቦ፡ "ተግባራት ሜታ፡ ኣብ ልዕሊ ኩነታት ፍልስጤምን መራሕታን ኣድልዎ ከምዘሎ ብንጹር ዘርኢ እዩ" ኢሉ፡፡

"ዚ ጉዳይ እዚ ዝምልከት መብርሂ ክወሃብ ንጠልብ፡ ሜታ ይቕሬታ ክሓትት እውን ንጸበ" ክብል እቲ ቤት-ጽሕፈት ወሲኹ ኣፖዚቡ፡፡

ብዘይካ'ዚ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ማለዥያ-ነበር ማሃቲር መሓመድ፡ ምዕራባውያን መራሕቲን ማሕበራዊ-መራኸቢታቶምን ንእስማዒል ሃኒያ ግብረ-ሽበራዊ ዝብል ስም ብምሃቦም ነቒፎ፡፡

"ስውጢ ከምጽእ ዝኽእል ዝበረ ሰብ እናተቐትሉ፡ ምዕራባዊ ዓለም ስቕ ክብል እዩ መሪጹ፡፡ እኳ ደኣ ምስ እስራኤላውያን ወጊኑ - ኣብ ልዕሊ ፍልስጤማውያን ምጽናት ዓሌት እናተፈጸመ ርእዩ ከምዘይረኣየ ይኸውን ኣሎ" ክብል እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር-ነበር ኣማሪሩ፡፡

ሃኒያ፡ ዝሓለፈ ረቡዕ ኣብ ቴህራን - ኢራን ኣብ ዝርከብ መንበሩ ብዝተኻየደሉ መጥቃዕቲ ከምእተቐትለ ይፍለጥ፡፡



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት መረብ | 02/08/24 | ጎደና ዓይገት ቁ.ገዛ 17፡ ከባቢ ሴዳዉ | 123690 |
| | ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ | ቁ.ቴሌፎን 127565 | |